Immigratie- en Naturalisatiedienst
Ministerie van Justitie en Veiligheid

ናብ: ሓተትቲ ዑቕባ

ዛዕባ: ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ዝወስዶ ግዜ

**Directie Asiel en Bescherming**

**Postadres**
Postbus 18
9560 AA TER APEL

ዕለት: ጽድያ 2020/ሓጋይ 2020

ዝኸበርካ ኣቶ / ወይዘሮ፡

እዚ ደብዳቤ ዝተዋህበካ ምኽንያት፡ ንስኻ ሕጂ ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ዑቕባ ስለዘሓተትካ እዩ። ኣብ'ዚ ደብዳቤ፡ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ዝወስዶ ግዜ ዝያዳ ሓበሬታ ክተንብብ ኢኻ፦ ግዜ መስርሕ ዑቕባ ማለት እዩ። እዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ንስኻ ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ክታምካ ዘንበርካሉ ግዜ ክሳብ ትካል ኤሚግሬሽንን ዜግነትን (ኢ. ኤን ዴ) ውሳኔ ዝህበካ ዘሎ ግዜ ምኧኑ እዩ።

**ክሳብ ንስኻ እቲ ዝቕጽል ዝርርብ ምስ ትካል ኢ. ኤን ዴ ተካይድ፡ ግዜ ክበልዕ ይኽእል እዩ**
እቲ ስዒቡ ዝመጽእ ስጉምቲ፡ ብመሰረት ሓፈሻዊ መስርሕ ዑቕባ (ኣልኼሜነ ኣዚል ፕሮሱዱር) ምስ ትካል ኢ. ኤን ዴ ዝግበር ዝርርብ እዩ። ነዚ ንምግባር፡ ዕድመ ክንሰደልካ ኢና። ይኹን እምበር፡ እዚ ናይ ዕድመ ወረቐት ክሳብ ዝመጻካ፡ ንዝተወሰነ ግዜ ክትጽበ ክትግደድ ኢኻ። ስለምንታይ እዩ ከም'ዚ ኮይኑ ድማ፡ ክነብርሃልካ ኢና።

**ንስኻ ንዝተወሰነ ግዜ ክትጽበ ንዓና ደስ ኣይብለናን**
ክትጽበ ትግደደሉ ምኽንያት፡ ዝተፈላለየ ጠንቅታት ኣለዎ። እቲ ብዙሕን ነዊሕን መጽናዕቲ ዘድልዮ ናይ ዑቕባ ሕቶ፡ እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ብተወሳኺ፡ ትካል ኢ. ኤን ዴ፡ ስርሑ ንምስላጥ እኹል ዓቕሚ ሰብ የብሉን።

**እቲ ናይ ትጽቢት ግዜ፡ ከከም ጉዳዩ ዝተፈላለየ እዩ**
ትካል ኢ. ኤን ዴ፡ ብዙሕ ቁጽሪ ዘለዎ ናይ ዑቕባ ሕቶ እዩ ዘእንግድ። ፈለማ፡ ገለ መጽናዕቲ ኢና ነካይድ። ከምኡ ብምግባር ድማ፡ እቲ ዝቐርብ ሕቶ ማዕረ ክንደይ እዩ እወታዊ ናይ ዑቕባ ምላሽ ናይ ምርካብ ተኽእሎ ዘለዎ ንውስን። ናይ'ዚ ዝካየድ መጽናዕቲ ውጽኢት ድማ እዩ፡ እቲ ንስኻ ትጽበየሉ ግዜን መዓስ ውሳኔ ክትወስድ ከምትኽእል ዝውስን። እዚ፡ ካብ ጉዳይ ናብ ጉዳይ ዝተፈላለየ እዩ።

**እወታዊ ናይ ዑቕባ ምላሽ ናይ ምርካብ ትሑት ዕድል ዘለዎም ጉዳያት ቀዳምነት ይወሃቦም**
ኣብ ገለ ገለ ጉዳያት፡ ዑቕባ ናይ ምርካብ ዕድል ትሑት ምኧኑ ሻቡ ንጹር ዝኾነሉ ኣጋጣሚታት ኣሎ። እዚ፡ ነቶም ካብ ድሕነት ዘለወን ሃገራት ዝመጽእ ናይ ዑቕባ ሕቶ ይምልከት። ወይ ድማ፡ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ሓላፍነት ትወስደሉ ናይ ዑቕባ ሕቶ ክኸውን ይኽእል። ትካል ኢ. ኤን ዴ፡ ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ናይ ዑቕባ ሕቶታት፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፉ ምላሽ ክህበሎም ይፍትን። ከም'ዚ ብምግባር ድማ፡ ነቶም መንበሪ ፍቓድ ናይ ምርካብ ሰፊሕ ዕድል ዘለዎም ሓተቲ ዑቕባ፡ ኣብ መዓስከራት ኣኹል ቦታ ከምዝህልዎም ይኸውን።

**ትካል ኢ. ኤን ዴ፡ ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ይቖጽር**
ዝቐርቡ ናይ ዑቕባ ሕቶታት፡ ብዝተኻእለ መጠን ብቑልጥፍ ንምእንጋድ፡ ኩሉ ዝከኣለና ዘበለ ኢና ንገብር። ንኣብነት፡ ትካል ኢ. ኤን ዴ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዙ፡ ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ቆጺሩ ኣሎ። እዞም ሰራሕተኛታት ክሳብ ዝለማመዱ ግዜ ይወስድ እዩ። እቲ ውጽኢት ድማ፡ ድሒሩ እዩ ዝርአ ማለት እዩ።

**ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ዝወስዶ ግዜ ኣብ መርበብ ገጽ ind.nl**
ትካል ኢ ኤን ዴ፡ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ዝወስዶ ግዜ ቀጻሊ ሓበሬታ ክህበካ እዩ። በዚ መሰረት ኢና ድማ፡ ኣብ መርበብ ገጽ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ዝወስዶ ግዜ ኣስፍሪና ዘለና። እቲ ኣብኡ ዘሎ ሓበሬታ፡ ቀጻሊ ኢና ነማሓይሾ። እዋናዊ ሓበሬታ ክህልወካ ትደሊ? ኣብ መርበብ ገጽ www.ind.nl/doorlooptijden (ቋንቋ ኔዘርላንድ)of www.ind.nl/processingtimes (ትግርኛ). ተወከስ።

ፈጻሚ ኣካል (ስታት ሰክሬታሪስ) ሚንስትሪ ፍትሕን ድሕነትን፡

ብስሙ፡

ኣ. ኤን. ሞለማን
ሓላፊ ዑቕባን ድሕነትን (ዴይረክቶር፡ ኣዚል ኤን በስኸርሚንግ)።